# ግጥሚታት ንቖልዑ 2



ነፋሒቶ! ነፋሒቶ!
ንሳስ ድሓን ኣይትእቶ
ናበይ ኢልኪ
እ'ዳ ማርያም ሸዊቶ
እ'ንታይ ኣለኪ
ብዙሕ ዝካተቶ
መርዓ ጓልኪ
እ'ኽሊ ዝሸመቶ
ክወስደኪ
'ንዳ ዕሾኹ ኳኹቶ
እግረ-ኢድኪ
እተሰባበረቶ
ብርሃን ፀሓይ
ቐትሪ ዝጸልመቶ
ኽርእየኪ
ዓይኑ ዘዐመቶ
ኽደፍኣኪ
ጽድፊ፣ ገደል እቶ!





ነቲ ርጉም ጽሒራ
እ'ተጻወደ መፈንጥራ
ኣብ ውሽጢ ቋቑራ
ኢደይ ተቐርቚራ
'ዋይ! ተሰይራ!

* * *



ጭንቁራዕ፣ ጭንቁራዕ
እትብል ፈራዕ-ራዕ
        ምስ መን ክትካታዕ
        ምስ መን ክትራታዕ
መንደፍ ደአ ብላዕ!
        ኪድ ዳኛኻ ጥራዕ...

        *    *    *

ዓሊባበ፣ ጉተና
        ኸርክመና ’ንተ በልና
አሕመድ ተጻዊቱልና
        ኩትኹቶ አምሲሉና
መስሓቒ ሰብ ገይሩና...

        *    *    *





ሓርማዝ ’ዙ ስንኺ
ሃብኒ በይዛኺ
        ንደገ በቐሉ፣
        ንዘይትሓይክሉ
እንካብ ዘኽፍአልኪ
ሃቢ ክወስደልኪ
        ክጸራርበሉ
        ክሸላልመሉ
ሃህ! ምስበልኪ
ከም ዘየሕምመኪ
        ቀስ አቢለ
        ክወስዶ ፈንቂለ
’ቱ ዚግበአኪ
ባዕለይ ክኸፍለኪ
        ዕዳጋ ብዝወዐሎ
        ነጋዳይ ብዝበሎ....